ኮምሽን ኢንቨስትመንት ትግራይ ቅነ ኢንቨስትመንት ኢሉ ኣብ ዝሰየሞ ቅንያት ኢንቨስትመንት ፕሮጀክትታት ኢንቨስትመንት ዝሳተፍሉ ባዛርን ኤግዚብሽ፤ ፓነል ምይይጥን ዑደትን ንምክያድ ኣብ 2018 ዓ.ም " ኢንቨስትመንት ንሕውየት ትግራይ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ቅነ ኢንቨስትመንት ንምስላጥ ኣብ ምንቅስቓስ ስለዘሎ ክትሳተፉ እትደልዩ ትካላት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቓሒታት ሰነድኩም (ፕሮፖዛልኩም) ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 12, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 22, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 22, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/

ቑፅሪኮ/ኢ/ኮ/ት/ግኮ/ጨ003/2018

ዕለት12/3/2016ዓ/ም

ምልክታ ን2ይ ግዜ ዝወፀ ግልፂ ጨረታ

ኮምሽን ኢንቨስትመንት ትግራይ ቅነ ኢንቨስትመንት ኢሉ ኣብ ዝሰየሞ ቅንያት ኢንቨስትመንት ፕሮጀክትታት ኢንቨስትመንት ዝሳተፍሉ _ ባዛርን ኤግዚብሽ፤ ፓነል ምይይጥን ዑደትን ንምክያድ ኣብ 2018 ዓ.ም " ኢንቨስትመንት ንሕውየት ትግራይ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ቅነ ኢንቨስትመንት ንምስላጥ ኣብ ምንቅስቓስ ስለዘሎ ክትሳተፉ እትደልዩ ትካላት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቓሒታት ሰነድኩም (ፕሮፖዛልኩም) ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም።

ዝርዝር ናይ ጨረታ ረቓሕታት

1. ኣብ ኩነት ምድላው ኢግዝቢሽን ፣ ፓናላትን ባዛርን (ብEvent Organizer) ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ስራሕ ልምድን ዘለዎ ኮይኑ በዚ ዘርፊ ናይ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝኽእልን

2. ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነን ታክስ ክሊራንስ ከቕርብ ዝኽእልን፤ቲን ናምበር ዘለዎን

3. ሕጋዊ ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ሰርቲፊኬት ከቕርብ ዝኽእል

4. ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምኳኑ ብግልፂ ከቕምጥ ኣለዎ ብግልፂ እንተዘይተቐሚጡ ግና ቫት ከም ዝሓወሰ ጌርካ ይውሰድ

5. ተጫረቲ ዘቕርብዎ መረዳእታ ምንም ዓይነት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ኣብ ዝተመልአ ጨረታ ሰነድን ፖስታን ስሩዕ ማህተም ዘዓረፎን ከኸውን የግባእ

6. ዓበይቲ ዓለም-ለኻዊ፣ ሃገራውን፣ ክልላውን ፋይዳ ዘለዎም ኩነት ኣብ ምድላው (Events) ልምዲ ዘለዎን ናይዚ መስክር ወረቐት ከቕርብ ዘኽእልን፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ነቲ ዝካየድ ኤግዚብሽንን ዝካየዱ ዘድሊ ሙሉእ መሳርሕታት ከቕርብ ዝኽእልን እቲ ፕሮግራም ካብ ቅድመ ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ፍፃመ ብዘተሳኽዐ መንገዲ ንክሳለጥ ኣግባብ ኣፈፃፅምኡ ብዝርዝር ዝሓዘ ዝርዝር ፕሮፖዛል ከቕርብ ዝኽእክል

8. ትርጉምን ክብደትን እቲ መድረኽ ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ግልፂ ዝኾነ፣ ሓደሽቲ ሓሳባትን ፈጠራታትን ዝሓዘ፣ ንቲ መድረኽ ዝኾኑ ሓደሽቲ ቴክኖሊጅታትን ኣቐሑትን፣ ኣብ ኢንቨስትመንት ትግራይ ርኡይ ኣበርክቶ ዘለዎን ፕሮፖዛል ከዳሉ ዝክእል፤

9. እቲ ቅነ ኢንቨስትመንት ካብ ቕድመ-ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ፍፃመ ብዝተሳኽዐ መንገዲ ንክሳለጥ ምሉእ ናይ ምሕደራ ሓላፍነት ወሲዱ ክሰርሕ ዝኽእል፤

10. መቕረብቲ ትካልት እቲ ዘተሐዝዎ መኽበሪ ጨረታ ብር 15,000.00 /ዓሰርተ ሓሙሽተ ሺሕ ብር/ ክሳብ ውዕሊ ዝእሰር ዘግልግል ኮይኑ ውዕሊ ምስኣሰሩ ንመኽበሪ ዉዕሊ/ ፐርፎርማንስ ቦንድ/ 10% ናይቱ ዝሰዓሩዎ ድምር ዋጋ ምስ ኣትሓዙን ዝልቀቕ ይኸውን። መኽበሪ ጨረታ ናይ መኽበሪ ውዕሊ ኣፈፃፀማ ስራሕ CPO ምስ ኣትሓዙን ውዕሊ ኣሲሮም ብላዕለዋይ ሓላፊ ምስ ዝፈረሙይልቀቕሎም።

11. ተጫረቲ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 300/ሰለስተ ሚኣቲ/ ብምኽፋል ካብ ኮሚሽና ግልጋሎት ኮርፖሬት ከወሰድ ይኽእል ዳይሪክተሬቱ

12. ናይ ኮምሽን ሕጋዊ ኣንፈትን መምርሕን ኣክቢሩ ብልዑል ህዝባዊ ሓላፍነት ክሰርሕ ዝኽእል፤

13. ሰዓራይ ምስ ተነፀረ ኣብ እዋን ምፍፃም ውዕሊ ናይ ዋጋ ምስትኽካል ክፍፀም ከም ዝኽእል ኣሚኑ ዝወዳደር

14. ሰዓራይ ኣካል ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ብውዕሉ መሰረት ክሰርሕ ዝኽእል፤

15. እዚ ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ ዕለት 12/03/2018 ዓ.ም ክሳብ 22/03/2018 ዓ.ም ኮይኑ ኣብ መወዳእታ መዓለቲ ዕለት 22/03/2018 ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ኣበቲ ዕለት ሰዓት ሰዓት 4፡30 ተጫረቲ ወይ ደማ ሐጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘተረኽብሉ ዝኽፈት ይኸውን ተወዳደርቲ ወይ ወኪሎም ተዘይተረኺቦም ግና ኣብ ዘየለውሉ ዝኽፈት ይኸውን ።

16. ኮሚሽና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

17. ነዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ረቐሕታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ናይቶም ረቐሕታት ሰነዳትን ፕሮጀክት ፕሮፖዛልን ዓሪግኩም ኦርጂናልን ኮፕን ነኒበይኑ ተዓሪጉ ኣብ ትሕቲ ፕላኔት ሆቴል ህንፃ ማርዳ ሪል እስቴት ሻድሻይ ደብሪ ዝርከብ ናብ ኮምሽን ኢንቨስትመንት ትግራይ ግልጋሎት ኮርፖሬት ኣታዊ ክትገብሩ ነፍልጥ።

መዘኻኸሪ

• ኣብቲ ዝካየደ ጨረታ ውድድር ሞያዊ/ቴክኒካል/ ብቕዓት ብዝተቐመጠ መገምገሚ ረቂሒ መሰረት ተገምጊሚ ዘረኸቦ ውፅኢት ካብ 50% ብምሕሳብን ንሕድሕድ ዝፍፀሞ ዘእተዋ ናይ ፋይናንሻል ማእኸላይ ዋጋ 50% ተሓሲቡ ሰዓራይ ዝፍለጥ ምኳኑ ምርዳእ የድሊ።ስለ ዝኮነ ተጨረቲ ፋይናንሻልን ሞያዊ በቕዓቶምን ዝገልፅ መረዳእታን ዝተመለኣ ሰነድ ጭረታን በበይኑ ብምዕሻግ ኣታዊ ክገብሩ ይግባእ ኢንቨስትመት ተማራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle